# <u>ውድድር ላይት ኣትለቲክ በዓል ናጽነት ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ብዓወት ተዛዚሙ</u>

ቀዳም ዕለት 01.05.10 ብምኽንያት ጽምብል መበል 19 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ውድድር ላይትኣትለቲክ ኣብ ቫይብሊንገን TVL Stadion ብድምቀት ተኻይዱ፡፡
ኣብቲ ውድድር ብርክት ዝበሉ ንኣሽቱ ቆልዑትን፡ መንእሰያትን ወለድን ኣብ ናይ ዝተፈላለየ ርሕቀት ጉያ እግርን ዝላን ተሳቲፎም ፡፡እቲ ውድድር ብሓላፊ ላይት ኣትለቲክ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ሽቱትጋርትን ከባቢኡን መንእሰይ ሙሴ ተኽሎምን ተሓባባሪት መንእሰይ ዮሃና ገብረሚካኤልን ኣባላት ስፖርት ኮሚቴን  እንዳተኣልየ ካብ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ክሳብ 16:00 ድ:ቀ ብጽፈትን ድምቀትን ከካየድ ድሕሪ ምውዓል ብጽቡቕ ተዛዚሙ፡፡
ንተዓወትን ተወዳደርትን ኩሎም ኣብቲ ኣብ ዕለት 24.05.10 ኣብ ሽቱትጋርት ዝካየድ በዓል ናጽነት ብማሕበረኮም ዝተዳለወ ምስክር ወረቐትን መዳልያን ክዕደሉ'ዮም ፡፡
ኣብቲ ውድድር መሓዙት ኤርትራውያን ኣባላት TSV Leichtathletik Schmiden ዝኾኑ ጀርመናውያን ሓካይም ከምተዓዘብቲ ኮይኖም ድሕሪ ምስታፍ ኣብቲ ንዕለት 12.06.10 ዘካይድዎ መበል 17 Internationaler Fellbacher Leichtathletik ማሕበራትና ብብዝሒ ክሳተፉ ሓቢሮም ፡፡
ኣታዊ ናይቲ ዕለት መህነጺ መዋእለ ህጻናት ኣብ ኤርትራ ከም ዝውዕል Dr.Jens Peter Würfel ብተወሳኺ ሓቢሩ፡፡

ርሑስ ቅነ በዓላት ናጽነት
ስፖርት ኮሚቴ ማ/ኮም